TIGRINYA

ዝኸበርካ ወላዲ/ መጕዚት፥

ንስኹምን ስድራቤትኩምን፡ ኣባላት ናይቲ ኣብዚ እዋን'ዚ ልዕሊ ሚእቲ ዝተፈላለየ ቛንቋታት ዚዝረበሉ ብዙሕነት ዘለዎ ኮም ንኸትኮኑ ሕጉሳት ኢና። ዞባዊ ቤት ትምህርቲ ልዑል ዊልያም(Prince William County Public Schools)፡ ንነፍስወከፍ ተማሃራይ፡ *ብደረጃ–ዓለም ዝበለጸ ትምህርቲ* ሽርክነት ስድራቤታት፡ ኣብዚ ማስርሕ'ዚ ኣዝዩ ወሳኒ ስለዝኾነ፡ ነፍስወከፍ ወላድን መጕዚትን፡ ብዛዕባ ትምህርቲ ወላድ ንኽርድኡን ኣብኡ ንኽነጥፉን ዝሕግዞም ገለ ማስረታዊ ሓበሬታ ክንህበኩም ሕጉሳት ኢና።

ኩሉ ጽሑፋት ትምህርቲ፡ ብእንግሊዝኛ ተዳልዩ ዚወሃብ እኳ እንተኾነ፡ ንኣገዳሲ ሰነዳትን ሓበሬታን ግን ኣብ ከባቢና ብብዝሒ ጠለብ ናብ ዘለወን ቛንቋታት ብቐጻሊ ከምዚትርጐም ንገብር ኢና።

ተዛረብቲ መበዝሕቱ ቛንቋታት፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዞባዊ ቤት ትምህርቲ ልዑል ዊልያም (Prince William County Public Schools)—pwcs.edu ከምኡውን ኣብ መርበባት–ሓበሬታ ነፍስወከፍ ቤት ትምህርቲ ብዘሎ ኣገዳስን ብቐጻሊ ምምሕያሽ ዝገበረሉን ሓበሬታ ክርብሑ ይክእሉ እዮም። ኩሉ፡ ኣገዳሲ ማእርሒ ትርጉም ጉግል (Google Translation) ዚሓዘ ኮይኑ፡ ብልዕሊ 50 ቛንቋታትድማ ወሱን ትርጉማት ይህብ። እቲ ብሓገዝ ኮምፕዩተር ዝወሃብ ትርጉማት፡ መበዝሕቱ ግዜ ዝተሚልኤ እኳ እንተዘይኮነ፡ ንሓበሬታ ቤት ትምህርቲ ዚሓዘ ማስመር መርበባት (ሊንክስ) ግን ይህብ እዩ። ኮምፕዩተር ኣብ ገዛኹም እንተዘይብልኩም፡ ንሓደ ካብቲ ኣብ ህዝባዊ ቤት–መጻሕፍቲ ዚርከብ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣዝዩ ኣገዳሲ ዚኾነ ድማ ጩቓፈር ቤት ትምህርቲ፡ ነቲ ብዛዕባ ማስላት፡ ሓላፍነታት፡ ትጽቢታት ተማሃራይን ወላድን፡ ከምኡውን ተማሃራይ ብዛዕባ ክረኽቦ ዝኽእል ትምህርትን ረብሓታትን ኣገልግሎታትን ዚምልከትኣገዳሲ ሓበሬታ ንዝሓዘ ሰነዳት፡ ተዛረብቲ መበዝሕቱ ቛንቋታትኣብ ምርዳእ ማያን ክሕግዞም፡ ክኢላታት ኣስተርጓምቲ ከምዝቐርቡ ይግብር እዩ። ኣስተርጓምቲ፡ ርእይቶ ነፍስወከፍ ሰብ ከምዚቐረበን ካልኦት ከምዝተረድእዎን ንምርግጋጽ፡ ብዛዕባ'ዚ ጉዳያት ኣሚኪቲ ምስ ወለዲ ኣብ ዚግበር ዘተታት ሓገዝ ክህቡ ይኽእሉ። እዚ ኣገልግሎታት'ዚ፡ ንስድራቤታት ብዘይ–ክፍሊት ብናጻ ይወሃብ።

**እቲ ዘድልየኩም ሓገዝ ንኽትረኽቡ፡ ንሓደ ካብዚ ሜላታት ተጠቐሙ።**

- ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት— ንtranslations.pwcs.edu ከፊትኩም ርኣዩ።
- ብኣካል—ናብ ቤት ትምህርቲ ወላድኩም ብኣካል ብጽሑ። ንቛንቋኹም ዚዛረብ ሰብ፡ ኣብቲ ቦታ ክትረኽቡ ዘይከኣል ነገር እዩ። እንተኾነ ግን፡ ሰራሕተኛ፡ ንዓኹም ንኽሕግዝ ፖስተር ክጥቀም እዩ።

DR. STEVEN L. WALTS
*Superintendent of Schools*

P.O. BOX 389, MANASSAS, VA 20108 • WWW.PWCS.EDU

ኣብ ኩሉ ኩነታት፡ ነዚ ዚስዕብ ሓበሬታ ንኽትህቡ ክትሕተቱ ኢኹም፦

- ስምኩምን ስም ወላድኩምን፣
- ቤት ትምህርቲ፡ ደረጃ ኽፍልን ስም መምህርን ናይ ወላድኩም፦
- ነቲ ክተዘራርብዎ እትደልዩ ወልቀሰብ (ስም ወይ ስርሑ) ከምኡውን ኣርእስቲ ናይቲ ክተካይድዎ እትደልዩ ዝርርብን፣ ከምኡውን
- ብዚበለጸ ክትርከብሉ እትኽእሉ ቑጽሪ ተሌፎንን ግዜን።

ወላድኩም፦ ኣኸብ ንኺግበር ብቤት ትምህርቲ ሕቶ ከምዚቐረበ ዚሕብር ሜልእኽቲ ሒዙ ኣብ ዝመጸሉ እዋን ወይ ምስ መምህር ወይ ካልእ በዓል-ስልጣን ቤት ትምህርቲ ንኽትዘራረቡ መደብ ክትሰርዑ እንተደሊኹም፦ ኣብዚ ኣገዳሲ ዝርርባት ንኽሕግዘኩም ኣስተርጓሚ ንምሕታት፡ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሜላታት ተጠቐሙ። ሓደ ሰብ ደማ ብዝተኻእለ ማጠን ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ክረኽበኩም እዩ።

ተሳታፍነትኩም፦ ኣብ ትምህርቲ ወላድኩም እወታዊ ለወጢ ከምጽእ ይኽእል፣ ነዚ ኣገልግሎታት ብምቕራብ ደማ ንኽንሕግዘኩም ድሌት ኣሎና። እዛ ደብዳቤ’ዚኣ፡ ዞባዊ ቤት ትምህርቲ ልዑል ዊልያም (Prince William County Public Schools) ንወላድኩም ንዓኹምን ብዛዕባ ዘለዎ መበጽዓ ዚምልከት ብንጹር ሓበሬታ ሂብኩም ንኺኸወን ንትስፎ። ነቲ ነፍስወከፍ ተማሃራይ ብደረጃ-ዓለም ዚበለጸ ትምህርቲ ክረክብ ኣለዎ ንዚብል ባህግና ተቐቢልኩም ክትሓብሩና ምሟንኩም ርግጸኛ እየ።

ምስ ኣኽብሮት፡



ዶ/ር ስተቨን ዎልትስ (Steven Walts)
ኣማሓዳሪ ቤት ትምህርቲ (Superintendent of Schools)

*ንpwcs.edu ክፊትኩም ኣብ እትርእይሉ እዋን፡ ኣብዚ ሜልእኽቲ’ዚ ተገሊጹ ዘሎ ሓበሬታ ንዝሓዘ ገጻት ንኽትረኽቡ፡ ሕብራዊ ቅርጺ-ዓለም ደሊኹም ርኸቡ።

